ጥልያን

MINISTERO DELL'INTERNO

EUROPEAN UNION AGENCY FOR ASYLUM

# ኣብ መቐበሊ ቦታ ዘለኹም መሰላትን ግዴታታትን



እዚ ሓበሬታ ንዓኻ ይምልከት፣ እንድሕር ደኣ፡

- ትሕቲ 18 ዓመት ኮይንካ
- ብዘይ ወለድኻ በይንኻ ወይ ምስ ካልኦት ኣባላት ስድራቤት መጺእካ እንተኾይንካ
- ንስኻ ኣብ  ጥልያን ንውቕባ (ኣህጉራዊ ሓለዋ እውን ይበሃል) ኣመልኪትካ።

TIGRINYA

# ትሕዝቶ


| | |
|---|---|
| ኣብዛ ሃገር ውሑስ ኢኻ | 3 |
| መን እዩ ክሕግዘካ? | 3 |
| ሓላፍነት ናይ ኣላዪ እንታይ እዩ? | 3 |
| ካልእ መን ክሕግዘካ ይኽእል? | 4 |
| እንታይ ክትረክብ ኢኻ? | 6 |
| መሰል ክንክን ጥዕና | 8 |
| ነቲ ሰራሕተኛ ወይ ኣላዪ ሓብሮም | 9 |
| ናይ ቀረባ ድሌታት ገምጋም ማለት እንታይ እዩ? | 10 |
| መሰል ትምህርቲ | 10 |
| መሰል ስራሕ | 11 |
| ናይ ሓታቲ ዑቕባ ሰነድካ | 11 |
| ኣበይ ኢኻ ክትጸንሕ? | 12 |
| ሓደ ሰብ ሕማቕ ኣተሓሕዛ እንተ ጌሩልካ እንታይ ክትገብር ትኽእል? | 13 |
| ናይ ምቕባል ግዴታታትኩም እንታይ እዮም? | 14 |
| ግዴታታትኩም እንተዘይተማሊእኩም እንታይ ይኸውን? | 15 |
| ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምምልካትን ናብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ንምጉዓዝን ዝምልከቱ ሕግታት | 16 |
| ናብ ሓንቲ ካብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ እንተሃዲምካ እንታይ ይኸውን? | 17 |
| ብሰብ መዚ ዝውሰድ ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕካ መን ክሕግዘካ ይኽእል? | 18 |
| ገለ ደገፍ እንተተቐይሩ እንታይ ይኸውን? | 19 |
| ዝርዝር ርክብ | 20 |

## ኣብዛ ሃገር ውሑስ ኢኻ።

ኣብ ሓደጋ ስለ ዘለኻ ናብ ሃገርካ ክትምለስ ከም ዘይትኽእል ንሰብ መዚ ሓቢርካ ዑቕባ ሓቲትካ። ኣብ ጥልያን ሓታቲ ዑቕባ ኢኻ።

ኩሉ ነገር ሓድሽ ኮይኑ እንተተሰሚዑካ ንቡር እዩ። ኣብዛ ሃገር ዉሑስ ኢኻ፣ በይንኻ እውን ኣይክትክለውንን ኢኻ።

## መን እዩ ክሕግዘካ?

ኣብ ኤውሮጳ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ኩሉ ከም ቆልዓ ስለዝቑጸር **ፍሉይ ደገፍ** ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።



ኣብዚ ብዘይ ወለድኻ ስለ ዘለኻ፡ ካልእ **ኣላዪ** ዝበሃል ዓቢ ሰብ ኣብ ድሌታትካ ክሕግዘካ እዩ። እዚ ሰብ እዚ ካብ ሰብ መዚ ናጻ ኮይኑ ዝሰርሕ እዩ።

ገና ምስ ኣላዪኻ፣ እንተዘይተራኺብካ፡ ብዝተኻእለ መጠን ብቑልጡፍ ክትረኽቦም ኢኻ።

ክሳብ ሽዑ እቶም ሰብ መዚ ዝድግፈካን ዝውክለካን ካልእ ዓቢ ሰብ ክምድቡልካ እዮም።

## ሓላፍነት ናይ ኣላዪ እንታይ እዩ??

ናትካ ኣላዪ ብዛዕባ ጻንሖትካ ክትፈልጦ ዘለካ ኩሉ ይገልጸልካን ንሕቶታትካ መልሲ ንምርካብ ይሕግዘካን። ንኣብነት ብዛዕባ ከመይ ጌርካ ናብ ቤት ትምህርቲ ክትከይድ ትኽእል፣ ከመይ ጌርካ ናብ ሓኪም ክትከይድ ትኽእል፣ ኣበይ ክትነብር ከም እትኽእል፣ከመይ ጌርካ ስድራቤትካ ክትረኽቦም ከም ትኽእል። ካልኦት ሰራሕተኛታት እውን ነዞም ሕቶታት ክሕግዙኹም እዮም።

ናትካ ኣላዩ ንሰብ መዚ እንታይ ከም ዘድልየካ ይነግረልካ፣ ምኽሪ ይልግሰልካን ኣገደስቲ ውሳነታት ኣብ ምውሳን ይሕግዘካን።

ኩሉ ግዜ ድሌታትካን ስምዒታትካን ክትገልጽን ንኣላዩኻ ርእይቶኻ ክትነግሮን ትኽእል ኢኻ።

ምስ ናትካ ኣላዩ ጸገም እንተሃልዩካ፡ ንሰራሕተኛታት ንገሮም።

## ካልእ መን ክሕግዘካ ይኽእል?



- **ማሕበራዊ ሰራሕተኛ** ኣብ መዓልታዊ ድሌታትካ ክሕግዘካ ወይ ድማ ኣብ ሓደ ፍሉይ ጸገም ክሕግዙ ዝኽእሉ ካልኦት ሰብ ሞያ ክረኽብ እዩ።
- **ዶክተር** ወይ **ነርስ** እንተሓሚምካ፡ እንተተጎዲእካ ወይ ዝኾነ ዓይነት ሕክምናዊ ሓገዝ ምስ ዘድልየካ ክሕግዘካ እዩ።
- **ክኢላ ስነ-ኣእምሮ** ሓዘን፡ ሕርቃን፡ ፍርሒ፡ ጭንቀት ወይ ድቃስ እንተተጸጊሙካ ክሕግዘካ እዩ።
- **ኣማኻሪ ሕጊ** ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ እንታይ ከም ዝኸውን ንምርዳእን መሰላትካ ኣይከበርን ኢልካ እንተኣሚንካን ክሕግዘካ እዩ።
- **ተርጓሚ** ብዝርድኣካ ቋንቋ ንክትረዳዳእ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ሓላፍነቱ ድማ ንስኹምን እቶም ካልኦትን ንትዛረብዎ ነገር ብልክዕ ምትርጓም እዩ።
- መምህር ኣብቲ ዘሎኻዮ መዕረፊ ድዩ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንኽተጽንዕን ሓደሽቲ ነገራት ንኽትመሃርን ክሕግዘካእዩ።

**ገምጋም ዕድመ እንታይ እዩ?**




ዕድሜኻ ዘረጋግጽ ሰነድ ዘይብልካ ናብ ኤውሮጳ እንተመጺእካ፡ ሰብ መዚ ድማ ብዛዕባ ዕድመኻ ጥርጣረ እንተሃልይዎም፡ ኣብ **ገምጋም ዕድመ** ኣብ ዝበሃል መስርሕ ክትሳተፍ ክሓቱኻ እዮም። በዚ ኸምዚ ድማ ከም ህጻን ይቖጽሩኻ ድዮም ኣይቆጽሩኻን ክውስኑ ይኽእሉ።
ኣብ ናይ ዕድመ ገምጋም ክትሳተፍ እንተተሓቲትካ፡ ኣላዪኻ ነቲ መስርሕ ክገልጸልካ እዩ።

**ምስ ስድራቤትካ ክትራኸብ እንተደሊኻ እንታይ ክትገብር ትኽእል?**



- ስድራቤትካ ኣበይ ከምዘለዉ እንተዘይፈሊጥካ፣ ወይ ምስኦም ርክብ እንተ ዘይብልካ፣ ንኣላዪኻ ወይ ንሰራሕተኛታት ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ንስድራ ቤትካ ንምድላይ ክሕግዙኻ እዮም።
- ስድራቤትካ ኣበይ ከምዘለዉ እንተፈሊጥካን ናይ ርክብ ዝርዝር እንተሃልዩካን፣ እቶም ሰራሕተኛታት እንተደሊኻ ንክትድውለሎም ክሕግዙኻ ይኽእሉ።
- ኣብ ኤውሮጳ ስድራቤት እንተሃልዩካ፡ ብዛዕባ ስድራቤትካ እትፈልጦ ኩሉ ንሰራሕተኛታት እቲ መዕረፊ ኣጋይሽን ንሰበስልጣንን ብዛዕብኦም እትፈልጦ ንገሮም።

**ኣስተብህል፡ ገለ ሰባት ኣብ ሓደጋ ከእትዉኻ ይኽእሉ እዮም።**



ንስኹም ካብዛ ሃገር ንምውጻእ ትሓስቡ ትኾኑ፣ ወይ ገለ ሰባት ንክትሃድሙ ከእምኑኹም ክፍትኑ ይኽእሉ እዮም። ንዓኻ ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል እዩ ኣብ ሕቶ ዑቕባኻ ድማ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል እዩ።
ምስ ኣላዪኻን ምስ ሰራሕተኛታት እቲ መዕረፍ ኣጋይሽ ተዘራረብ፣ ነቲ ኩነታት ክትገልጸሎም ትኽእል ኢኻ ንሳቶም ድማ ክመኽሩኻ ይኽእሉ።

# እንታይ ክትረክብ ኢኻ?

ሰብ መዚ ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ክግምግሙ ኣብ እትጽበዩሉ እዋን ዝተፈላለየ ዓይነት ደገፍን ኣገልግሎትን ክትረኽቡ ኢኹም። እዚ ድማ **ኣቀባብላ** ይበሃል።


ከም ሓደ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓን ከም ሓታቲ ዑቕባን መሰላት ኣለካ ግን ከኣ ከተኽብሮ ዘለካ ግዴታታት እውን ኣለካ እዩ። እዚኣቶም ኣብዛ ብሮሹር ተገሊጾም ኣለዉ።

እቶም ሰራሕተኛታት ኣብዚ ብሮሹር ዘሎ ሓበሬታ ከም ዝረኽብካ ክተረጋግጽ ክሓቱኻ እዮም። ገለ ክፋል ናይዚ በራሪ ወረቐት እንተዘይተረዲኡካ ወይ ዝኾነ ሕቶታት እንተሃልዩካ፣ ንኣላዪኻን ንሰራሕተኛታት ናይቲ ብምዕረፍ ኣጋይሽ ሕተቶም።

ኣብዛ ሃገር ኣብ እትጸንሓሉ እዋን፣ ኣላዪኻን እቶም ሰራሕተኛታትን ከከም ፍሉይ ኩነታትካ ተወሳኺ ሓበሬታ ክህቡኻ እዮም። ኣብ ዝኾነ እዋን ሕቶታት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።



**ዝስዕቡ ክትቅበሉ ኢኹም፤**



- እትድቅሱሉ ቦታ



- ምግቢ



- ናይ ውልቃዊ ጽሬት ፍርያት



- ክዳውንቲ



- ንመዓልታዊ ወጻኢታት ዝኸውን ገንዘብ

## መሰል ክንክን ጥዕና

**እቶም ሰብ መዚ ዘድልየካ ክንክን ጥዕና ከም እትረክብ ክረጋግጹልካ እዮም።**

**ብዛዕባ ዝኾነ ሕክምናዊ ጸገም ምስ ኣላዩኻን ንሰራሕተኛታትን ክትሕብር ትኽእል ኢኻ።** ናብ ነርስ ወይ ናብ ሓኪም ንክትከይድ እንተድኣ ኣድልዩካ ክሕግዙኻ እዮም።




እቲ ሓኪም ኣድላዪ ኮይኑ እንተረኺብዎ፣ መድሓኒታት ከምኡ'ውን ናብ ክኢላታት ምብጻሕ ክእዝዘሉ እዩ።

እቶም ሰራሕተኛታትን ኣላዪ ምስ ነርስ ወይ ሓኪም ኣብ ሕክምናዊ ምርመራ ክትሳተፉ ተኾይንኩም/ክትግደዱ እንተኾይንኩም ክሕብሩኹም እዮም። ጥዕናኻ ክምርምሩን ኣድላዪ ሓገዝ ክህቡኻ ይኽእሉ እዮም።

ህጹጽ ሕክምናዊ ኩነታት ወይ ዝኾነ ህጹጽ ሕክምና ዘድልዮ መጉዳእቲ እንተሃልዩካ፣ ንሰራሕተኛታት ንገሮም። ካብቲ እትሓድረሉ ቦታ ወጻኢ እንተሃሊኻ፣ ብነጻ ናብ ቁጽሪ ህጹጽ ረድኤት 112 ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

## ንሰራሕተኛታትን ንኣላዩኻን ሓብር እንተድኣ:



- ኣሕሚሙካ፣ ኣንተተጎዲእካ ወይ ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ወይ መድሓኒት ዘድልየካ ኮይኑ።
- ሓሸሽ ትጥቀም ወይ ኣልኮላዊ መስተ ትሰቲ እንተኾይንካ
- ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዓመጽ ወይ ግህሰት ኣጋጢሙካ ወይ ሕጂ የጋጥመካ እንተሃልዩ
- ጥንስቲ ኣለኺ ወይ ጥንስቲ ክትኮኒ ተኺኢልኪ
- ባዕልኻ ብእግርኻ ክትንቀሳቐስ ኣይትኽእልን ኢኻ፣ ወይ ክትሰምዕ ወይ ክትሪኢ ትጽገም ኢኻ
- ኣዚኻ ትጭነቕ፣ ትሓዝን፣ ድቃስ ትስእን ወይ ኣሉታዊ ሓሳባት ኣለዉኻ
- ንሓደ ሰብ፣ ወይ ንሓደ ዘይትፈልጦ ሰብ ወይ ንእትፈልጦ ሰብ ውሕስነት ኣይስማዓካን ወይ ፍርሓት ይስምዓካ እዩ
- ዘይትደልዮ ነገራት ክትገብር ጸኒሕካ ወይ ክትገብር ትግደድ ኣለኻ
- ብሰንኪ እምነትካ፣ ፍቕራዊ ምርጫኻ፣ ኣከዳድናኻ ወይ ኣካይዳኻ ውሕስነት ዘይብልካ ኮይኑ ተተሰሚዑካ።

ኣስተብህል፣ እቶም ሰራሕተኛታት ኣቲ መዕረፍ ኣጋይሽን ፣ ስነልቦናውያንን ናትካ ኣላዩን ኣብዚ ንኽሕግዙ|ኻ ኣለዉ።



## ናይ ቀረባ ድሌታት ገምጋም ማለት እንታይ እዩ?



ካልኦት ሰራሕተኛታትን ካልኦት ኪኢላታትን ኣብ ተፈላለየ ግዜ ( ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት፣ ስነልቦናውያን )እትርእየሉ ንጥፈት ኮይኑ ንሳቶም ድማ ሕቶታት ክሓቱኻ እዮም:

- ድሌታትካ **ንምርዳእ**
- ኣየናይ **ደገፍ** ከም ዘድልየካ ንምውሳን።

እዚ ድማ ሰብ መዚ ኣገዳሲ ውሳነታት ንኽገብሩ ይሕግዞም፣ ንኣብነት ንስኻ ኣበይ ከም እትነብር ዝምልከት።

ነቲ ነርስ፣ ነቲ ሓኪም፣ ነቲ ሰራሕተኛታትን ነቲ ኣላዪ**ን** ክትኣምኖም ትኽእል ኢኻ። ዝኾነ ነገር ክተካፍሎም ትኽእል ኢኻ። [*ዝቕጽል ሓረግ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ሃገራዊ ሕጊ ተመርኲስካ ክምዓራረይ ትኽእል እያ*] ዝበልካዮ ነገር ብዘይ ስምምዕካ ብዘይካ ኣላዪኻ ንኻልእ ሰብ ኣይክካፈልን እዩ። እቲ እንኮ ፍሉይ ዝገብሮ ኩነታት ንህይወትካ ወይ ናይ ካልእ ሰብ ሂወት ኣብ ሓደጋ እንተወዲቑ ጥራሕ እዩ።

ኣላዪኻ ክሕበር ወይ ክሳተፍ እንተዘይደሊኻ፣ነቶም ሰራሕተኛታት ንገሮም። ንሕቶኻ ገምጊሞም እቲ ዝበለጸ ንዓኻ ዝምችእ መሰረት ብምግባር ክውስኑ እዮም።

## ናይ ትምህርቲ መሰል



ከም ቆልዓ፣ ክትመሃርን ትምህርቲ ክትረክብን መሰል ኣለካ። ኣብዚ ግዜ እዚ ናብ ቤት ትምህርቲ ትኸይድ እንተኾይንካን 18 ዓመት እንተመሊእካን፣ ትምህርቲ ክሳብ ዝውዳእ ምምጻእካ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ።

ኣላዪኻ ሰራሕተኛታትካን ኣብቲ ናይቲ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ክትምዝገብ ክሕግዙኻ እዮም። ብዛዕባ መሰናድኦ ትምህርቲ ቋንቋን ካልእ ኮርሳትን ክሕብሩኻ እዮም። ገለ ካብዞም ኮርሳት ንክትሳተፍ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ።

እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ትምህርታውን መዘናግዕን ንጥፈታት ክነግሩኻ እዮም፣ እዚ ድማ ንኽትመሃር፣ ንኽትዓብን ሓደስቲ ኣዕሩኽ ንኽትረክብን ክሕግዙኻ እዮም።

## ናይ ስራሕ መሰል

ከከም ዕድመኻን ኩነታትካን፣ ኣብ ጥልያን ክትሰርሕ ክፍቀደልካ ይኽእል እዩ። እንተደሊኹም፣ ናትካ ኣላዩን እቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ መቐበሊ ኣግይሽ ዝያዳ ሓበሬታ ክህቡኻ እዮም።





ካብቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ዘቕረብካሉ 90 መዓልቲ ምስ ሓለፈ ንኽትሰርሕ ኪፍቀደካ ይኽል እዩ።



ኩሎም ኣወዳትን ኣዋልድን ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ክሰርሑ ኣይፍቀደሎምን።

## ናይ ዑቕባ ሓተትቲ ሰነድኩም

ሽምካን ስእልኻን ዝሓዘ ውልቃዊ ሰነድ ክመጾካ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ዓዲ ጥልያን ሓታቲ ዑቕባ ምኳንካ ዘርኢ እዩ። ኩሉ ግዜ ምሳኻ ክትሕዞ ኣለካ።



**እዚ ሰነድ እዚ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ሰነድ ንከይጠፍኣካን ንኻልእ ሰብ ንከይትህቦን ጥንቃቐ ግበር።**

# ኣበይ ኢኻ ክትጸንሕ?

ሰብ መዚ ንሕቶ ዑቕባኻ ኣብ ዝምርምርሉ እዋን ትነብረሉ ቦታ ኣብ ዕድመኻን ድሌታትካን ይምርኮስ።







ናትካ ኣላዪኻን  ሰራሕተኛታትን **ኣበይ ክትሓድር ከም ዘለካ**፣ ክሕብሩኻ እዮም፣ ንኣብነት ኣብ ዝተወሰነ መንበሪ ወይ ኣብ ከተማ እቶም ሰብ መዚ ዝወሰንዎ። ኣዞም ቦታታት ንመቐበሊ ትሕቲ ዕድመ ጥራይ ዝተፈልዩ ኣቶም፣ ብፍሉይ ምኽንያት ኪቕመጡ ንውሱን ግዜ ንዝተፈቐደሎም ተዘይ ኮይኖም ኣብ ውውስስስስስጢ ኣቲ ቦታ ንዓበይቲ ኣብ ዝተፈልየ ቦታ።

**ንስኻ ደገፍን ኣገልግሎትን ኣብቲ ብሰብ መዚ ዝውስንዎ ቦታ ጥራይ ኢኻ እትረክብ።**

ኣብ ኣዝዩ ሳሕቲ እዋናት ቆልዑት ከም ድላዮም ክመጹን ክኸዱን ኣብ ዘይክእሉሉ ማእከል ክቕመጡ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ከምዚ ኩነታት እንተሃሊኻ፣ ኣላዪኻን፣ ኣማኻሪ ሕጊን ሰራሕተኛታትን ክሕግዙኻ እዮም።

**ኣበይ ትሓድር ብዘየገድስ ውሑስ ናይ ምኳን መሰል ኣሎካ።**
**ዝኾነ ሰብ ዝስዕብ ክገብር ኣይፍቀድን እዩ፡**





መን ምኳኖም ብዘየገድስ ጓና ወይ ናይ ቀረባ እትፈልጦ ሰብ።
ምስ ሰራሕተኛ ወይ ምስ ኣላዪኻ፣ ዝኾነ ጸገም እንተሃልዩካ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።

## ሓደ ሰብ ሕማቕ ኣተሓሕዛ እንተ ጌሩልካ እንታይ ክትገብር ትኽእል?



ምስ እትኣምኖ ሰብ፣ ካልእ ኣባል  ሰራሕተኛ፣ ኣላዪኻ፣ መ ሰበስልጣናት ዓለምለኻዊ ማሕበራት ( ዩኤን ናይ ስደተኛታት ፣ ዩኒሴፍ፣ ኣይም )ወይ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።



ሓደ ሰብ ብሕማቕ እንተ ሒዙካ፣ ነዚ ዳግማይ ከይፍጸም ናብ ሰብ መዚ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ 'ጥርዓን ምቕራብ' ይበሃል።

**ኣቓልቦ!**

ካብቲ እትሓድረሉ ቦታ ወጻኢ እንተሃሊኻን ኣብ ሓደጋ እንተሃሊኻን፣ ካብ ዝኾነ ቴለፎን ብነጻ ናብ ሃገራዊ ቁጽሪ ህጹጽ ረድኤት ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ምቕባል ግዴታታትኩም እንታይ እዮም?



ሓቂ ምዝራብን ምስ ሰብ መዚ ምትሕብባርን ኣገዳሲ እዩ፣ ዋላ ሓደ ሓደ ግዜ ዛንታኻ ክትነግር ዘፍርሕን ከቢድን ኮይኑ እንተተሰምዓካ። ንበይንኻ ኣይኮንካን። ናትካ ኣላዪን ሰራሕተኛታትን ኣብዚ ኣለዉ ክሰምዑኻን ኣብ መዓልታዊ ድሌታትካ ክሕግዙኻን።
እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ኩነታትካ እንተፈሊጦም ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ዝጸናሕካሉ ቦታ ክትክተሎ ዘለካ ሕግታት ክህሉ እዩ። ንኣብነት፣ ነቶም ካልኦት ነበርትን ሰራሕተኛታትን ከተኽብር ኣለካ፣ ኣብቲ ጽምው ዝበለ ሰዓታት ድማ ጫውጫው ክትገብር የብልካን።

እቶም ሰራሕተኛታት እንታይነት እጦም ሕግታትን ነቶም ሕግታት ኣብ ዘይተኸተሉሉ እዋን ዝህሉ ሳዕቤንን ከረድኡ እዮም።

ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ንስኻትኩም፤

- ሕግታት ናይቲ እትዓርፉሉ ቦታ ምኽታል
  - *ኣይተትክኽ፣ ኣልኮላዊ መስተ ኣይትስተ፣ መደንዘዚ ዕጺ ኣይትውሰድ*
  - *ካብቲ መዕረፊ ኣጋይሽ ኣብቲ ዘይፍቀድ ሰዓታት ኣይትውጻእ*
  - *ኪኣትዉ ዘይተፈቕደሎም ሰብ ናብቲ ቦታ ኣይተእትው*
  - ካብቲ ሰብ መዚ ክትጸንሕሉ ዝመድቡኹም ቦታ ዘይምህዳም
- ሕግታት እዛ ሃገር ተኸተል፣ እዚ ድማ ሰራሕተኛታትን ኣላዪኻን ከረድኡኻ እዮም።

## ግዴታታትኩም እንተዘይተማሊእኩም እንታይ ይኸውን?



እዚ እንተ ኣጋጢሙ፣ ምስ ኣላዪኻ ወይ ምስ ሰራሕተኛታት ናይቲ ቦታ ብግልጺ ክትዛረብን ኩነታትካን ዝነበረካ ምኽንያታትን ክትገልጽን ትኽእል ኢኻ።

እቶም ሰብ መዚ ኩነታትካ ክግምግሙን ገለ ስጉምትታት ክወስዱ እንተ ወሲኖም ንዓኻን ንኣላዩኻን ክሕብሩልኩም እዮም።

እቶም ሰብ መዚ ከምዚ ዝስዕብ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም፤

- ንኣብነት ካብቲ ሰብ መዚ ክትጸንሕ ዝበሉኻ ቦታ እንተሃዲምካ ወይ ምስ ሰብ መዚ እንተዘይተሓባቢርካ **ውሑድ ደገፍ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ**።

- ዓመጽ እንተ ኣካይድካ ወይ ሕግታት ናይቲ እትሓድረሉ ቦታ ብተደጋጋሚ ወይ ብዕቱብ መንገዲ እንተጥሒስካ **ገለ ካብቲ ትረኽቦ ዘለኻ ደገፍ ክትስእን ትኽእል ኢኻ**። ብተወሳኺ ፖሊስ እውን ክጽዋዕ ይኽእል እዩ።



**ሕጂ ኣብ ኢጣልያ ፣ ኢኻ ዘለኻ፣ እዚኣ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ።**
**ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝበሃላ ድማ፡**

- 27 ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፤ ኣውስትርያ፣ ቤልጅየም፣ ቡልጋርያ፣ ክሮኤሽያ፣ ቆጵሮስ፣ ቸክያ ሪፐብሊክ፣ ዴንማርክ፣ ኢስቶንያ፣ ፊንላንድ፣ ፈረንሳ፣ ጀርመን፣ ግሪኽ፣ ሃንጋሪ፣ ኢጣልያ፣ ላቲቭያ፣ ሊትዋንያ፣ ሉክሰምበርግ፣ ማልታ፣ ሆላንድ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፣ ሮማንያ፣ ስሎቫክያ፣ ስሎቬንያ፣ ስጳኛ፣ ሽወደን ከምኡ'ውን
- ካልኦት 4 ሃገራት፡ ኣይስላንድ፡ ሊክተንሽታይን፡ ኖርወይን ስዊዘርላንድን።

## ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምምልካትን ናብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ምጉዓዝን ዝምልከቱ ሕግታት




**ኣላዪኻን ከመኡ'ውን ሰራሕተኛታትን ናይቲ  ማእከልን ነዞም ኣገደስቲ ሕግታት ከረድኡኻ እዮም። ኣብ ዝኾነ እዋን ሕቶታት ክትሓቶም ትኽእል ኢኻ።**

- ✔ ኣብ  ጥልያን ክትጸንሕ ኣለካ፡ ናብ ሓንቲ ካብተን ካልኦት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ክትሃድም ኣለካ።
- ✔ ኣብ ሓንቲ ካብዘን ሃገራት ኣባላት ስድራቤት እንተሃልዮምኹም፡ እቶም ሰብ መዚ ብዛዕባ ናይ ምጥርናፍ ስድራቤት ዝምልከቱ መሰላትኩም ክሕብሩኹም እዮም። ስቕ ኢልካ ከይትሃድም።
- ✖ እንተ ሃዲምኩም፣ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህሉ እዩ፣ እዚ ድማ ኣብዛ በራሪ ወረቐት ተገሊጹ ኣሎ። ንኣብነት ንስኹም ኣብታ ካልእ ሃገር ዝወሓደ ናይ መቐበሊ ደገፍ ክትረኽቡ ኢኹም።
- ✔ ኣይትረስዑ፣ ሰብ መዚ ካልእ እንተዘይሓቢሮምልኩም ናይ ዑቕባ መመልከቲኹም ኣብታ ፈለማ ዝኣተኹምላ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ክተመዝግቡ ኣለኩም።
- ✔ ካብዘን ሃገራት ሓንቲ ጥራይ እያ ነቲ ሕቶ ዑቕባኹም ክትምርምር ሓላፍነት ዘለዋ። ኣብ  ጥልያን ዘለዉ ሰብ መዚ ኣየነይቲ ሃገር እያ ነዚ ተሓታቲት ክነግሩኻ እዮም።

ብዛዕባ እዚ መስርሓት እዚ ኣብ እተፈላለየ ብሮሹራት ክትመሃር ኢኻ።

## ናብ ሓንቲ ካብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ እንተሃዲምካ እንታይ ይኸውን?




**ኣብ ጥልያን:**

- መስርሕ ዑቕባኻ ደው ክብል ይኽእል እዩ።

**ኣብታ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር:**

- እቶም ሰብ መዚ ናብታ ዝገደፍካያ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ክመልሱኻ ክውስኑ ይኽእሉ።

ሰብ መዚ ብዛዕባ እቲ ንኽመልሱኹም ዝወሰኑላ ውሳነ ካብ ዝሕብሩኹም ህሞት ጀሚሩ፡ ንስኹም ዝተወሰኑ መሰላት ኣይትረኽቡን ኢኹም፡ ንኣብነት፡

- ገለ ዓይነት ደገፍ ኣይትረኽቡን ኢኹም ከምኡ'ውን
- ክትሰርሕ ኣይክፍቀደልካን እዩ።

## ብሰብ መዚ ዝውሰድ ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕካ መን ክሕግዘካ ይኽእል?

ምስ ኣላዪኻ ክትዛረብን ዝኾነ ሕቶታት ክትሓትትን ትኽእል ኢኻ።



ምስ ኣላዪኻብሓባር ካብ ኣማኻሪ ሕጊ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ኣማኻሪ ሕጊ ማለት ኣብዛ ሃገር ዘሎ ሕግታት ዝፈልጥን ኲነታትካ ኣጽኒዑ ክሕግዘካ ዝኽእልን ሰብ እዩ።

እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ዘይመንግስታዊ ትካላት እውን ክሕብሩኹም እዮም፣ ንሳቶም እውን ሓበሬታን ሓገዝን ክህቡኹም ይኽእሉ እዮም።




ንስኹም ኣብ ዝኾነ እዋን ምስ ትካል ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (United Nations Refugee Agency፣ UNHCR) ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም። UNHCR ካብ ሃገሮም ክወጹ ዝተገደዱ ሰባት ይከላኸል።

## ገለ ደገፍ እንተተቐይሩ እንታይ ይኸውን?

ፕሬፌቱራ ከምቲ ኣብ ገጽ 14 ተገሊጹ ዘሎ ኩነታት ብሰንኪ እቲ, ገለ ዓይነታት ደገፍ ክድርቱ ወይ ክስርዙ እንተ ወሲኖም፣ እዚ ቶኾነውውን ዝስዕብ ምግባር ክትክእሉ ኢኹም፤



- ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ



- ናብ ሓኪም ወይ ነርስ ርኢኻ ሕክምናዊ ሓገዝ ክትረክብ



- ኣብ ውልቃዊ ኩነታትካን ድሌታትካን ተመርኲስካ ሓገዝ ክትረክብ፣ ማለት ብሰብ መዚ ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ክትድቅሰሉን ገለ ደገፍ ክትረክብን ( ምግብን ክዳውንትን)።

ሰብ መዚ ነቲ ዝወሃበካ ናይ ምቕባል ደገፍ ክስርዝዎ ምስ ዝውስኑ፣ ሃዲምካ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ስለዝገዓዝካ፣ እቲ ገና እትረኸቦ ዓይነት ደገፍ ኣብ ውልቃዊ ኩነታትካን ድሌታትካን ይምርኮስ። ሕጂ ውን ናብ ቤት ትምህርቲ ክትከይድ ክትክእል ኢኻ።

እዚ ብሮሹር እዚ ንሓበሬታ ጥራይ እዩ። ንበይኑ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (EUAA) ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ከምኡ’ውን ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ ብሮሹር ብ EUAA ፍቓድ ዝተዋህቦ ብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ እዩ ዝከኣል። EUAA ንልክዕነት ናይቲ ትሕዝቶ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን፡ እዚ ድማ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ ብሮሹር ተኻቲቱ ዘሎ ሓበሬታ ዝምልከት እዩ። EUAA ይኹን ን EUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ብሮሹር ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© European Union Agency for Asylum (ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ)፣ 2025